# ማሕበር ኮሚዩኒቲ ትግራይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን

## Tigray Community Association Washington, DC Metropolitan













## ኣሸንዳ 2012 (2020)

ብደቂኣንስትዮ ማሕበር ኮሚዩኒቲ ትግራይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን፤ ብዓል ኣሸንዳ ብድሙቕ ክኽበር ካብ ዝጅምር ሎሚ ዘበን ንመበል 12 ዓመት እዩ። ናይ ሎሚ ዘበን በዓል ኣሸንዳ ፍሉይ ዝገብሮ፤ ብምኽንያት ቫይረስ ኮሮና (Covid-19) መብዛሕቲኡ ሰብና ተወሺቡ ኣብ ዝርከበሉ እዋን ምብዓሉ እዩ።

እምበኣርከስ ንሕና ደቂኣንስትዮ ማሕበር ኮሚዩኒቲ ትግራይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባበኡን፤ ምስ ማሕበረሰብ ኮሚዩኒቲና ኮይንና ናይ ሎሚ ዓመት ኣሸንዳ ከምወትሩ ድሙቕ ንክኸውን ድልየትናን ባህግናን እንተኾነ እውን፤ ብምኽንያት እዙ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና፤ ንጥዕና ማሕበረሰብናን ኣብ ከባቢና ዘሎ መንግስታዊ ናይ ህፁፅ እዋን ውሳነታትን ኣብ ግምት ብምእታዉ፤ ኣብ ገገዛና ኮይንና ብቴክኖሎጂ ተሓጊዝና ብፍሉይ ኣገባብ ብሓባር ክነኽብሮ ወሲንና ኣለና።

እዙይ እውን ኩልና እንሳተፈሉ በዓል ምእንታን ክኸውን፤ ብማሕበራዊ መርበብ ሓበሬታታትን መራኸብቲ ሓፋሽን ኣድላዪ ምትዕርራይ ብምግባር፤ ኣብ ዘዘለናዮ ኮይናን ብሓባር እነብዕለሉን እንሕጎሰሉን፣ መልእኽትታት ሰናይ ትምኒትና እነመሓላልፈሉ መድረኽ እናመቻቸና ንርከብ።  እዚ ዝፍጠር መድረኽ እውን ካብ ከባቢና ሓሊፉ ኣብ ካልኦት ግዝኣታት ኣሜሪካ ዝርከባ  ኣሓትና ኮነ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዋ ደቂ ኣሸንዳ ክነጥፋሉ ዘኽእል መድረኽ እዩ ክኸውን።

ኣብ ዝሓፀረ እዋን እውን ዝርዝር ሓበሬታ ከምንገልፅ ነፍልጥ!

ቦርድ ማሕበር ኮምዩኒቲ ትግራይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኡን









